# <u>ዮውሃና።</u>

ሸይላ ኪትሩዝ ዕርዳ ፈሪሱ፡
ድሕሪ ግምባራ ኩሉ ተደምሲሱ፡
ቃዚኖም ተሪፎም ሓሶት ዘመላልሱ።

ንብረታ ዛሕዚሓ ከደት ተዓዝረት፡
ርእሳኣ ኣድኒና መሬት ወሓጥኒ በለት፡
ካብዚ ዝዓቢ እንታይ ኣሎ ፍሽለት።

ካብዚን ካብትን ዓፍራ ኮማሚራ፡
ሓሙሽተ ሚእቲ መሰኻኽር ኣሎውኒ ኢላ፡
ውጺኢቱ እንተረኤኻስ ሕፍረት ክሳራ።

ሕልማ ዝነበረ ክትኣቱ ኤርትራ፡
መሬት ጀጋኑ ክትኮሎ ዜራ፡
ኣይፈለጠቶን ናይ ሓፋሽ መፈንጠራ።

ትዕግስትና መሲሉዋ ፍርሒ።
ምስጃንዳ ትመክር ወይጦታት መሳርሒ፡
ረኸባ እንደሞ ናይ ሓፋሽ ብልሒ።

ወዮም ዝበለቶም ክኾኑዋ ሓረስ፡
ነንሕድሕዶም ተናዲሖም ከም መፍለስ፡
ጭራኻ ደጉልካስ ኣብ ጸልማት ሃሰስ።

ንሳስ ትኸይድ ትምለስ ዓዳ፡
ዝዓኪታ የለን ጽሩግዩ መንገዳ፡
በለሎም ድኣ በዓል ኪሒዳ።

ሕጂዶ ይሓይሽ  ኮለል ከም ብዕራይ መኸዳ፡
ሸይላስ ከይዳ ገዲፋቶም ንዓዳ፡
ጃንዳ ተሸሚማ ኣብዘይ ወጽእ ዕዳ፡
ድርብ ሓዘን ንሃሱሳት ዝወለዳ።

ቀደሙ ግዳ ዘይምርሙሩ ታሪኽና፡
ኣየናይ ግዜ ንፈልይ ተሳዒርና፡
ሄግዶ ኣይኮነን ህያው ምስክርና።

ሕጆስ ተቀንጢቡ ክሳድ ክሳዱ ከም ጉምቦ መሸላ፡
መንኮን ይመጽእ ድሕሪ ሽይላ፡
እዘን ዕሱባትከ ምስኣድየን ክመሳሰላ።

ወያነ ሓጋይ ኣርኪቡዋ ብርቱዕ ደርቂ፡
ክፍኣታ በዚሑ እምብዛ ብሓቂ፡
ዝተረፉ የሎም ክትድርቢ ጨርቂ።

እስከ ንገሩኒ ናይተን ዝጀብጀባ፡
እሰያስ ይውረድ ኢለን ከእውያ ዝወዓላ።
ቅድሚ ውሳነ ተዓዊትና ኢለን ዝዓለላ፡
ናይ መንድኣ ክወስዳ ወያነ እንድያ ኣባጓይላ።

ጸባ ኣስቲኹምና ጆጋኑ መንእሰያት፡
ሃገር ኮንኩማ ጽሩይ መስትያት፡
ብርዕኹም ዝወግእም ኮይኖም ኣውያት ንኣውያት።

**ጽቡቕዩ ዘሎ ሎሚ ቕነ፡**
**ገለ ክኣልማ'የን ኪይንዛነ፡**
**ልቢ የቡሎን ንጥፍኣት ዝሓለነ።**

ዝክሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር፡
ሕዳር 1, 2016.